ሕጊ
ንስነትን ዕብየትን
ብሚኒስትሪ ፍትሒ ዝዳሎ ሲቪካዊ ኣስተምህሮ

ሕጊ ገበናዊ ሰርዓት ኤርትራ

1.2. ቃለ መርመራ

ፖሊስ ኣንጻር ጥርጠር መርትዖታት ካብ ዝእክበሉ መሰርሕ መርመራ ሓደ ምኽያድ ቃለ መርመራ ጥርጠርን መሰናኽርን እዩ። ምስክር ዝዋሃል ንሓደ ፍጻመ ብሓደ ወይ ልዕሊኡ ካብ ህዋሳቱ ብምርኣዩ ብምስምዑ ብምሽታት ብምደህሳስ... ወዘተ ብዘዕባ'ቲ ፍጻመ ሓበሬታ ዝሰጥቖ ሰብ ማለት እዩ። እዚ ሰብ'ዚ ኣብ ቅድሚ በት ፍርዲ ቀሪቡ ብዘዕባ'ቲ ፍጻመ ዘለዎ ሓበሬታ ክህብ ስለዝድለዩ ኣቐዳምካ ብመንገዲ ፖሊስ ቃሉ ክወሰድ ግድን ይሽውን። ብመሰረት ሕጊ ገበናዊ ሰርዓት ኤርትራ፣ ፖሊስ ብዘዕባ'ቲ ገበናዊ ፍጻመ ሓበሬታ ኣለዎ ንዝብሎ ዝኾነ ሰብ ብመጽዋዕታ ናብ መደበር ፖሊስ ኣቕሪቡ ቃል ምስክርኑ ክህብ ብፖሊስ መጽዋዕታ ዝወጹ ሰብ ከኣ ቡቲ መጽዋዕታ መሰረት ክቕርብ ግዴታኡ ምኳኑ ሕጊ ገበናዊ ሰርዓት ኤርትራ ይድንግጽ። ብዘይካ'ዚ፡ ዝኾነ ዜጋ ምክልኻል ፍጻመታት ገበን ረቡሓኡ ምኳኑ ኣብ ግምት ብምእታው ብዘዕባ ዝተፈጸመ፡ ኣብ ምፍጻም ዝርከቡ ከምኡ'ውን ኣብ ቀረባ መጻኢ ዝፍጸም ገበን ዝፈልጥ ሓበሬታ ንፖሊስ ወይ ኣኻስር ሕጊ ክህብ ኣብ ዝሕተተሉ ግቡኡ ምኳኑ ክፍለጥ ይግባእ። ብዘምዚ ኣገባብ ቃል ምስክርኑ ክህብ ናብ ፖሊስ ዝቕረበ ሰብ፣ ብዘዕባ'ቲ ገበናዊ ፍጻመ ዝህቦ ሓበሬታ እቲ ዝፈልጥ ሓቂ ጥራይ ክኸውን ሕጊ ገበናዊ ሰርዓት ኤርትራ ይድንግጽ። ካብኡ ወጺኢ ግን፣ ንፖሊስ ናይ ሓሶት ቃል ምሃብ ብዘበገን ከም ዘቕጽዕ ገበናዊ ሕጊ ኤርትራ ደንጊጉ ምህላዉ ምግንዛብ የድሊ። ቃል ምስክርኑ ክህብ ናብ ፖሊስ ዝቕረበ ሰብ፣ ብዘዕባ'ቲ ገበናዊ ፍጻመ ዝህቦ ሓበሬታ እቲ ዝፈልጥ ሓቂ ጥራይ ክኸውን ሕጊ ገበናዊ ሰርዓት ኤርትራ ይድንግጽ። ካብኡ ወጺኢ ግን፣ ንፖሊስ ናይ ሓሶት ቃል ምሃብ ብዘበገን ከም ዘቕጽዕ ገበናዊ ሕጊ ኤርትራ ደንጊጉ ምህላዉ ምግንዛብ የድሊ። ቃል ምስክርኑ ክህብ ብፖሊስ መጽዋዕታ ዝወጹ ሰብ ከኣ ቡቲ መጽዋዕታ መሰረት ክቕርብ ግዴታኡ ምኳኑ ሕጊ ገበናዊ ሰርዓት ኤርትራ ይድንግጽ። ብዘይካ'ዚ፡ ዝኾነ ዜጋ ምክልኻል ፍጻመታት ገበን ረቡሓኡ ምኳኑ ኣብ ግምት ብምእታው ብዘዕባ ዝተፈጸመ፡ ኣብ ምፍጻም ዝርከቡ ከምኡ'ውን ኣብ ቀረባ መጻኢ ዝፍጸም ገበን ዝፈልጥ ሓበሬታ ንፖሊስ ወይ ኣኻስር ክህብ ክኢሉ ከሎ ዝተፈጥረ ሓሳብ ክኸውን ይኽእል። ብመሰረት ሕጊ ገበናዊ ሰርዓት ኤርትራ ኣይፈቕደሉን።

1.3. ተፍትሽን ምሓዝ መርትዖን

ተፍትሽ ሓደ ካብ ኣገባባት ምእካብ መርትዖ ኣብ መሰርሕ መርመራዊ ስራሓት ኮይኑ ብመሰረት ሕጊ ገበናዊ ሰርዓት ኤርትራ ብክልተ ኣገባባት ይፍጸም። ብመሰረቱ ተፍትሹ ልክዕ ከም ቀይዲ፡ ብዘይ ፍቓድ ቤት ፍርዲ ክትግበር ዝኾነ ሕጊ ኣይፈቕድን። ምኽንያቱ ተፍትሽ ኑቲ መሰረታዊ መሰል ወዲ ሰብ ዝኾነ ኣካላቱ ወይ ገዚኡ ብኽልእ ሰብ ከይዝሰሰ ሓለዋ ዝኮነ "መሰል ብሕትወና" ዝግህሰ ስለዝኾነ፡ ዝኾነ ሰብ ኣብ ኣካላቱ ነዊ ኣብ መንበሪ ቤቱን ካልእ ዝውንኖም ነገራትን ብዘይፍቓዱ ምእታው፡ ምትንፍፍ ነዊ ምፍታሽ ክብሩ ምትንክፍ ስለዝኾነ ሕጊ ሓለዋ ይገብረሉ እዩ። ይኹን'ምበር፡ ኣንጻር ጥርጠር ገበሮ ዝወሰል መርትዖ ምእካብ ንርግኣትን ሰላምን ሕብረተሰብ ዝለዓለ ኣገዳስነት ዘለዎ ግድነታዊ ሓለዋ ስለዝኾነ ሕጊ ተኹቲልካ ተፍትሽ ምፍጻም ምኽኑይ እዩ። ካብኡ ሓሊፉ'ውን ልክዕ ከም ቀይዲ፡ ብዘይ ናይ ቤት ፍርዲ መፈተሺ ፍቓድ ተፍትሽ ዝፍቀደሉ ኩነታት ሕጊ ገበናዊ ሰርዓት ኤርትራ ዘርዚሩ ደርጉዩ። ብተፍትሽ ዝርከብ መርትዖ ወይ ገበን ኣብ ምፍጻም ከም መሰርሕ ዝተዘወተረ ወይ ከኣ ገበን ብምፍጻም ዝተረኽበ ክኸውን ይኽእል። እዚ መርትዖ'ዚ ከኣ ድሕሪ ፍጻመ ገበን ወይ ቅድሚኡ ኣብ ኣካላት ጥርጠር ወይ ከኣ ኣብ ካልእ ቦታ ተሓቢኡ ክርከብ ይኽእል። እዚ መርትዖ'ዚ ንምሓዝን ብኤግዚቪት ናብ በት ፍርዲ ከም ዝቕርብ ንምግባርን ፖሊስ ክኽተሎ ዝግባእ ኣገባብ ሕጊ ገበናዊ ሰርዓት ኤርትራ ደንጊጉ ይርከቦ።

ሕጊ ገበናዊ ሰርዓት ኤርትራ ልክዕ ከም'ቲ ንጥርጠር ኣብ ቀይዲ ንምውዳሉ ፍቓድ መቐየዲ ወረቐት ዘድልየን ዘየድልየን ኩነታት ኢሉ ዝኾፈፍሎ፡ ሓደ ዕቱብ ኣገዳስነት ዘለዎ ውዳቅ ነገራዊ መርትዖ ኣብ ዘለዎ ቦታ ንምፍታሽን ንምሓዝን'ውን ፍቓድ ዘድልየን ዘየድልየን ኩነታት ብምግላጽ ከፋፈልዎ ይርከቡ። ሓደ መርማሪ ፖሊስ ነቲ ቅዩድ ተጠርጠሩሉ ዘሎ ፍጻመ ገበን ከም መርትዖ ኮይኑ ከገልግል ዝኽእል ውዳቅ ነገር ኣብ ኣካላቱ ኣሎ ዝብል ምኽኑይ ጥርጣረ ምስ ዘሕድር ኣብ ልዕሊ ቅዩድ ብተመሳሳሊ ጸታ ተፍትሽ ክቀየድ ሕጊ ይፈቅድ። ብተመሳሳሊ፡ ዝኾነ ፖሊስ ብዘይ ፍቓድ መፈተሺ ወረቐት ንዝኾነ ህንጻን ነበስኡን ክፍትሽ ሕጊ ኣይፈቕደሉን። ኣብ'ዚም ዝነሰሉ ኩነታት ግን ፍቓድ መፈተሺ ወረቐት ከየድለየ ተፍትሽ ክቀየድ ሕጊ ይፈቅድ።

1.ጥርጠር ድሕሪ ፍጻመ ገበን ብወሳኒ ሃዲሙ ናብ ሓደ ህንጻ ወይ ነበስኡ ምስ ዝኣቱ

2.ጥርጠር ድሕሪ ፍጻመ ገበን ብወሳኒ ምስ'ቲ ፍጻመ ገበን ምትእስሳር ዘለዎ ውዳቅ ነገር ናብ ሓደ ህንጻ ወይ ነበስኡ ምስ ዝደርበ፡

3.ፖሊስ ክሳ ወይ ጥርዓን ንዝቕረበሎ ንልዕሊ ሰለስተ ዓመት ማእሰርቲ ከቕጽዕ ዝኽእል ፍጻመ ገበን መርትዖ ኮይኑ ከገልግል ዝኽእል ውዳቅ ነገር ኣብ ሓደ ህንጻ ወይ ነበስኡ ተሓቢኡ ወይ ተቕሚጡ ኣሎ ዝብል ጥርጣረ ንምሕዳር ምኽኑይ ዝኮነ ሓበሬታ ምስ ዝረኽብን ፍቓድ መፈተሺ ወረቐት ንምርኻብ ኣብ ዝህሉ ምድንጋጽ እቲ መርትዖ ክሰዓል (ክእለ) ይኽእል እዩ ዝብል እምነት ንምሕዳር ብቕዕ ባይታ ምስዝህሉ ንኡ።

ካብ'ዚም ዝጠቐሰናዮም ኩነታት ወጺኢ ግን ተፍትሽ ንምኽያድ ሕጊ ገበናዊ ሰርዓት ኤርትራ ዝጠልቦ ቅጥዕታት ዘግለአ ፍቓድ መፈተሺ ወረቐት የድሊ። ፍቓድ መፈተሺ ወረቐት ብዘኾነ ቤት ፍርዲ ክወሃብ ከም ዝኽእል ሕጊ ገበናዊ ሰርዓት ኤርትራ ይድንግጽ። ግን ፍቓድ መፈተሺ ወረቐት ብምሃብ መደባት ፍትሒ ወይ ከኣ ብመሰረት ሕጊ ገበናዊ ሰርዓት ኤርትራ ዝቀየዱ ገበናዊ መርመራታት፡ መሰርሕ ፍርድን ካልኦት ምስኡ ዝተኣሳሰሩ መሰርሓትን ክትግበሩ እየም ብዘብል እምነት ክሳብ ዘይዳገበ ፍቓድ መፈተሺ ወረቐት ከም ዘይሃብ ሕጊ ገበናዊ ሰርዓት ኤርትራ ይድንግጽ። ዝኾነ ፍቓድ መፈተሺ ወረቐት ነቲ ብተፍትሽ ክርከብን ክተሓዝን ዝድለ ዘሎ ንብረትን ዝፍተሽ ቦታን ክጠቅስ ይግባእ። ዝኾነ ዝኢ ፍቓድ መፈተሺ ወረቐት ሕዙ ተፍትሽ ዘኽይድ ኣባል ፖሊስ ከኣ ካብቲ ኣብቲ መፈተሺ ትእዛዝ ዝሰፈረ ቦታ ወጺኢ ክፍትሽን ካብቲ ኣብቲ መፈተሺ ትእዛዝ ዝሰፈረ ንብረት ወጺኢ ካልእ ነገራት ክሕዝ ወይ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ከኣቱን ሕጊ ገበናዊ ሰርዓት ኤርትራ ኣይፈቕደሉን። ብመሰረት ፍቓድ መፈተሺ ወረቐት ንብረት ዝሕዝ ኣባል ፖሊስ ዝርዝር ናይ'ቶም ዝዛዝም ንብረት ክሕዝኡ እንተ'ኽኢሉ ከኣ ዝኾነ ነጻ ሰብ ብምንጽጋር ከምዝርእዮን ክታሙ ከምዝኾረሉን ክሕዝን ይግባእ። ብኸምኡ ዝተታሕዘ ንብረት ክሳብ ከም ኤግዚቪት ኮይኑ ናብ ዝምልከቶ በት ፍርዲ ዝሰጋገር ኣብ ወሓስ ቦታ ክዕቀብ ሕጊ ገበናዊ ሰርዓት ኤርትራ ይድንግጽ። ካብኡ ሓሊፉ፡ ከም መርትዖ ዘርገልግል ክንሱ ተፍትሽ ብዘዀደ ፖሊስ ዝተታሕዘ/ተታሒዙ ዝጸንሐ ንብረት እንተድኣህልዩ ነቲ ዝተወሰደሉ ሰብ ክምለሰሉን ቅብሊት ክግበረሉን ሕጊ ገበናዊ ሰርዓት ኤርትራ ይእዝዝ። ተፍትሽ ተግባራዊ ንምግባር፡ እቲ ተፍትሽ ዘኽይድ ኣባል ፖሊስ ኣድላዩ (ምኽኑይ) ዝኾነ ሓይሊ ክጥቀም ብፍላይ ከኣ ናብቲ ሀንጻ ወይ ነበስኡ መእተዊ ምስ ዝሰኣን መእተዊ ንምርኻብ ምኽኑይ ሓይሊ ክጥቀም ሕጊ ይፈቅድ። በት ፍርዲ ብንጹር ካልእ እንተዘይኣዘዙ ተፍትሽ ኣብ መንነ ሰዓት 6:00 ቅድሚ ቀትሪን ሰዓት 6:00 ድሕሪ ቀትሪን ኣብ ዘሎ ሰዓታት ክፍጸም ሕጊ ገበናዊ ሰርዓት ኤርትራ ይድንግጽ።

1.4. ኣካላዊ ሕክምናዊ መርመራ

ካልእ ምስ ተፍትሽ ዝተኣሳሰር ንኣካላዊ ሕክምናዊ መርመራ ዝምልከት እዩ። መርማሪ ፖሊስ ንሓደ ግዳይ ናይ ሓደ ፍጻመ ገበን ዝኾነ ሰብ ምስ'ቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝተፈጸመ ገበን ዝተኣሳሰር ኣካላዊ ሕክምናዊ መርመራ ክገብረሉ ኣድላዩ ኮይኑ ምስዝረኸበ፡ ብፍቓድ ናይ'ቲ ግዳይ ወይ ሞግዚቱ እቲ ግዳይ ምስ'ቲ ዝተፈጸመ ገበን ዝተኣሳሰር ኣካላዊ ሕክምናዊ መርመራ ክገብረሉ ንሓደ ምዝራብ ናይ ሕክምና ብዓል ሞያ ክእዝዘ ሕጊ ስልጣን ኣልቦኡዎ ይርከቡ፡ ብተመሳሳሊ፡ መርማሪ ፖሊስ ነቲ ዝተፈጸመ ገበን ኣብ ግምት ብምእታው ኣካላዊ ሕክምናዊ መርመራ ክገብር ኣገዳሲ ኮይኑ ምስ'ቲ ዝተፈጸመ ገበን ምትእስሳር ዘለዎ ኣካላዊ ሕክምናዊ መርመራ ክገብረሉ ንናይ ሕክምና ብዓል ሞያ ክእዝዘ ይኽእል። ካብኡ ሓሊፉ፡ ውጽኢት ናይ'ቲ ዝተገብረ ኣካላዊ መርመራ ድሕሪ ናብ ዝምልከቶ በት ፍርዲ ከም መርትዖ ክቕርብ ስለዝኽእል ብጽሑፍ ክሰነድ ይእዝዝ። እዚ ክዝዛል እኳ ሙን መርማሪ ፖሊስ ንኣካላዊ ሕክምናዊ መርመራ ክገብር ከገድዶ ይኽእል እዩ ማለት ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፡ ኣካላዊ ሕክምናዊ መርመራ ክገብር ብፖሊስ ዝተኣዘዘ ጥርጠር እቲ መርመራ ኣብ ሂወቱ ዝኾነ ጥዕናዊ ሰባኣት ዘይፈጥረሉ ክንሱ ዝ መርመራ ኮይኑ ፍቓደኛ ምስ ዘይኮውን ቤት ፍርዲ ነቲ ቡቲ ሕክምናዊ መርመራ ብዘርኡብ መርትዖ ክረጋገጽ ዝተደልየ ጭብጢ ከም ዝተረጋገጸ ክወስዶ ሕጊ ይድንግጽ።

ካብ 2ይ ገጽ ዝቀጸለ

ወልፊ፡ ብፍቓድካ . . .

ንምስልሳል ምሉእ ሓይሊ ይህቦ።

ግዳይ ወልፊ ብምኳን ንሰበሰካ ከም ፍሽል ዘይምምንጋም

ናይ ወልፊ ግዙእ ብምኳን ንሰበሰካ ከምዝይዕወት ወይ ፍሽል ምቐጽር ግቡይ ኣተሓሳሰብ እዩ። ከም'ዚ ዓይነት ነብሱ ምምንጋም ንቁልልካ ዝፍወስ ኣይኮነን ዋላ'ውን ካብ'ቲ ወልፊ ክትናፍሕ ፈቲንካ ገለ ወጽኢት እንተረኽበኹ። እዚ ዝብል ኣተሓሳሰብ ኣብ ኣእምሮካ ዓቢልልነት እንተደኣ ኣለዎ፡ ኣብ ዝረኽቦዮ ዓወት ንኸይተተከር ይፀንሕዎ። ስለዚ፡ ንሕለፍካ ከም መምሪ ተረዳእኑ ጸፃፍ ዝኸነ ምዕራፍ ንምፍላም ኣብ ሓድሽ ዕጥታት ብምጽማድ፡ ናብ ወልፊ ካብ ዝኸሰብኻ ፍጻመታትን ሶሚዒታትን ብምርሓቕ ዝም ዕጥታት ብምፍጻም ካብ ጌጋኻ ክትመሃርን ምስ ሓድሽ ዓለም ክትላለን የኽእለካ።

ሓደ ሰብ ብወልፊ ምስ ተጠቕዑ ህይወቱ ትርጉም ዘይብሊ'ያ እትኸውን። ብዙሕ ክሰርሕ እናኸኣሉ ነቲ ቀፊዱ ዝሓዝ ወልፊ ኣብ ምስሰይ መሬት ትሳጎኑ፡ መብዝሕትኦም ወልፊ ዝሕዝም ሰባት፡ ኣብ ንኡስ ዕድመኦ'ዮም ዝፍልምዉ፡ ኣብ'ቲ ተሳቃፊ ናይ ህይወት መድረኽ ንእሽቶ ብጽቡቕ ኩሉሕሉ ስለ ዘርኢ፡ ብዙሓት ክትፍጽሞም ዘይግባኦ ነገራት ትፍጽምን ትጋጥሙ፡ ንድሕሪት ተመሊሶ ንጌጋታትካ ከተብርዮ ትኽእል እኳ እንተኾኑ ገለኡ ፈጺሙ ዘይጸገገ ይኸውን። ብሓፈሻኡ ግን ወልፊታት ክፍወሱ ከም ዝኽእሉ መጽናዕትታት ይሕብሩ፡ እቲ ማህርሕ ፍወኑ ስድራ-ቤት፡ መሓዙት፡ መማህራን ሕብረተ-ሰብን እንተ ተሳተፈምዎ ዝያዳ ዕወት ይኸውን። ቀንዲ መሪሒ ወልቃዊ ተባዊ እኳ እንተኾኑ ሕብረተሰብ እውን ዓቢ ኣጋም ኣለዎ - ብኸልፊ ኣቢዮተ-ትምህርቲ።